

## ድሉው ንስራሕ (READY TO WORK)

ስደተኛታትን ተፈናቓልቲን ቁጠባዊ ምርግጋእ ንምርካብ ኣብ ዝኽእዎ ክያዶ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝኛን ጽቡቕ ስራሕ ኣብ ምርካብን ክልቲኦም ኣገደስቲ ስዳሮታት እዮም። ነዚ ድማ እዩ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስደተኛታትን ተፈናቓልቲን (OIRA) ድሉው ንስራሕ ዝብል (RTW) መደብ ዘዳለወ። ድሉው ንስራሕ (RTW) ኣብ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ መደብ ኮይኑ ንተዛረብቲ ካልኦት ቋንቋታት ምስ ክፍለ ግዜያት ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ ዘራኽብ፣ ናይ ኮምፒውተርን ዲጂታልን ትምህርቲ፣ ናይ ስራሕ ድልዊነትን፣ ከምኡድማ ሰብ ብዙሕ ቋንቋታት፣ ዕዉት ብዝኾነ ኣገባብ ነቶም ዝያዳ ሓገዝ ዝጠልቡ ስደተኛታትን ተፈናቓልቲን ብቕዓት ዘለዎ ኣገልግሎታት ምሕደራ ጉዳይ ንክረኽቡ ብምውህሃድ ንምግልጋል ዝሰርሕ መደብ እዩ።

Seattle
Office of Immigrant
and Refugee Affairs

### ብዛዕባና

**ተልእኾ ናይ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስደተኛታትን ተፈናቓልቲን (OIRA) ብፖሊሲታት፣ መደባት፣ ኣገልግሎታትን፣ ማሕበረሰባዊ ተሳትፎን ኣቢሉ ናይ'ቶም ኣብ ሲያትል ዝነብሩ ስደተኛታትን ተፈናቓልቲን ደረጃ ሂወት ምምሕያሽ እዩ።**

**በዚ ዝስዕብ ርኸበና፡**
(206) 727-8515
seattle.gov/iandraffairs/RTW

seattle.gov/iandraffairs
twitter.com/iandraffairs
facebook.com/iandraffairs

### ብዛዕባ ድሉው ንስራሕ (RTW)

ድሉው ንስራሕ (RTW) ብፍላይ ነቶም ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛን ስራሕን ኣብ ምርካብ ርኡያት ዝኾኑ ብድሆታት ዘጋጥሙዎም ነበርቲ ተባሂሉ ኣብ 2015 ንትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛን ናይ ስራሕ ስልጠናን ተባሂሉ ዝተዳለወ ምህዞኣዊ ሞዴል እዩ። ካብ'ቲ ዝተጣየሸሉ ግዜ ኣትሒዙ፣ ልዕሊ 1,000 ዝኾኑ ስራሕ ዝደልዩ ስደተኛታትን ተፈናቓልቲን ኣብ'ቲ መደብ ተሳተፍቲ ዝኾኑ እንትኾን፣ መብዛሕቲኦም ካብ'ዞም ተሳተፍቲ ድማ ጽቡቓት ስራሕቲ ዝረኸቡን ኣብ'ተን ከባቢያዊ ኮሌጃት ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣብ ምውሳድ ዝርከቡን እዮም።

### ድሉው ንስራሕ (RTW) ሃገራዊ ኣፍልጦ ዝረኸበ

ኣብ 2016, ክፍሊ ዕዮ ዩ.ኤስ. ኣመሪካን (U.S. Department of Labor) ሃገራዊ ጥምረት ክእለታት (the National Skills Coalition) ብሓባር ብምኧን፣ ድሉዊ ንስራሕ (Ready to Work) ነቲ ናይ ስራሕ ሓይልን ነቲ ንበጽሒታት ትምህርቲ ዝወሃብ ምወላን ተጠቒምካ ከመይ ኣቢልካ ንስደተኛ ሰራሕተኛታት ምስ'ቲ ናይ ስራሕ ሓይሊ ተወሃህድ ኣብ ዝብል ብሉጽ ተሞክሮ እዩ ኢሎም ኣስሚሮሙሉ እዮም።

### መሻርኽቲ ትካላት ድሉው ንስራሕ (RTW Partner Organizations)

- Asian Counseling and Referral Service (ACRS)
- HomeSight
- Literacy Source
- Neighborhood House
- Somali Community Services of Seattle

### ድሉው ንስራሕ (RTW) ብኸመይ ከምዝሰርሕ

ድሉው ንስራሕ ነቶም ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝኛ ንተዛረብቲ ካልእ ቋንቋ (ESOL) ናይ ትምህርቲ ክፍለ ግዜያት ምስ'ቶም ናይ ኮምፒውተር ትምህርቲታትን ምስ ምሕደራ ጉዳያን ብምጥማር ስደተኛታት ጽቡቓት ስራሕቲ ንክረኽቡን ኣብ ቁጠባዊ ዓርሰ ምኽኣል ክበጽሑን ንምግባር ዝሰርሕ እዩ። እቲ ስርዓተ-ትምህርቲ ምስ ናይ ኮሌጅን ናይ ስራሕ ድልዉነት ደረጃታትን ዝተመዓራረየ እዩ። እዘን ዝስዕባ ትካላት ሲያትል ምሉእ ዓመት ነቶም ትምህርቲታትን ምሕደራ ጉዳይን (case management) ዝህባ እየን፡

**ሰሜን (North) Seattle**

**Literacy Source**
literacysource.org
(206) 782-2050

**ደቡባዊ ምብራቕ (Southeast) Seattle**

**Asian Counseling and Referral Service (ACRS)**
acrs.org
(206) 805-8950

**ምዕራብ (West) Seattle**

**Neighborhood House**
nhwa.org
(206) 294-2009

እቶም ብድሉው ንስራሕ ኣቢሎም ዝወሃቡ ትምህርቲታት ኣብ ረርብዒ ዓመት ዝወሃቡ እዮም። ብዛዕባ ምዝገባ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ካብ'ቶም ኣብ ላዕሊ ዝርከቡ ቁጽሪታት ናብ ሓዲኦም ደውል።